UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ኣብ ሞንጎ እዚ ከምበሓድሽ ተወሊዑ ዘሎ ኩናት ኢትዮጵያ ንተወሳኺ ግፍዕታት ክዳርግ ከምዝኽል ናይ ውድብ ሑቡራት መንግስታት ክኢላታት የጠንቅቁ።

## 09 መስከረም 2015

**ጀኔቫ (መስከረም 09 2015)** ናብ ከምበሓድሽ ዝተወለዐ ኲይናት እናኣተወት ብምኳኑ ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ሰለማዊ ሰባት ሒጂ ውን ንተወሳኺ ግፍዓዊ ገበናት ዝተቃልዑ ሙኳኖም ሰብ ሞያ ጉጀለ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይዛረቡ።

እዚ ኣዝዩ ዘሰንብድ መጠንቀቀታ ዝተወሃበ ብወርሒ ታሕሳስ 2014 ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ዝተመስረተ  ኮምሽን ኪኢላታተ ሰብአዊ መሰላት ዘካይዶ **ጸብጻብ** ውጽኢት ምርመራ ዕላዊ ድሕሪ ምግባሩ እዩ። እዚ ውን ተሳተፍቲ ናይዚ ኩናት ካብ ጥቅምቲ 2013 እዚ ኩናት ካብዝጅምር ጀሚሩ ገበን ኩናት፥ ከምኡ'ውን ዓመፅን፥ ከምኡ'ውን ፥ ግህሰት ሰብአዊ መሰል ምፍፃሞም  ዘእምን ምኽንያታት ከምዘለዉ ጸብጻብ አቅሪቡ። ብተወሳኺ'ውን  ናይ ኢትዩጵያ  ፌደራላዊ መንግስቲ ከምኡ'ውን መላፍንቱን  ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት  አብ ክልል ትግራይ ምፍፃሞም ዘእምን ምኽንያታት ከምዘለውን ሕዚ ውን እና ቀፀለ ከምዝርከብን ምልከታት ከምዘለው እዚ ኮምሽን ብተወሳኺ ኣረጋጊጹ ።

ብተወሳኺ ፌደራል መንግስትን ከምኡ'ውን መላፍንቱን ንከባቢ ሽዱሽተ ሚልዮን ህዝቢ ናይ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ማለት'ውን ኢንተርኔት፥ቴሌኮምንኬሽን፥ ከምኡ'ውን ናይ ባንኪ ኣገልግሎት ሓዊሱ ንልዕሊ ዓመት ስለዝኸልከልዎ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኩነታት መዓረ ክንደይ ከቢድ ከምዝኾነ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ይገልጽ። ፌደራላዊ መንግስትን መላፍንቱን ናብ ትግራይ ናይ ሰብአዊ ሓገዝ ከይአቱ ከቢድ ዕፅዋ ብምክያዶም 90 % ህዝቢ  ሰብአዊ ሓገዝ ብጣዕሚ ኣብ ዘድልየሉ እዋን በፂሑ ይርከብ።

'' ብመልክዕ መጠንን ግዘን ደረጃ ቅልውላው ሰብአውነት  አብ ትግራይ አብ ዘሰንብድ ኩነታት ይርከብ '' ትብል ካሪ ቤቲ ሙሩንጊ፣ ሊቀመንበር ናይዚ ኮምሺን። ሰፊሕ ናይ ምኽልኻልን ምትዕንቃፍን  መሰረታዊ ኣገልግሎታት፥መግቢ፣ ክንክን ጥዕና ፣ ሰብአዊ ሓገዛትን ኣብ ሰለማውያን  ሰባት ከቢድ ጵልዋ ኣብጺሑ እዩ። እዚ ድማ ናብ ናይ ገበን ኣንጻር

ሰብኣነት ዝዳረግ ገበን ከምዝኾነ ዘእምኑ ምኽንያትን ከምዘሎ ንኣምን። ብተወሳኺውን ፌደራል መንግስቲ ጥሜት ከመሰረሒ ኩናት ምጥቃሙ ኣእመንቲ ምኽንያት ከምዘለው ንኣምን።

“ፌደራል መንግስትን መላፍንቱን ብቅልጡፍ መሰረታዊ አገልግሎታት ናብ ንቡር ክምለስን ብዘይ ወላሓንቲ ዓንቀፍቀፍ ሙሉእ ናይ ሰብአዊ ሓገዝ ክሓልፍ ክፈቅድን አለዎ። ናይ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብዘይ ምንም ዓንቀፍቀፍ ስርሖም ንክሰርሑ ሓይልታት ትግራይ’ውን ከረጋግጽሎም ኣለዎ። ክትብል ወ/ሮ ሙሪንጊ ትውስኽ።

ሓይሊ አየር ኢትዮጵያ ውን ኣብ ደደቢት ዝርከብ ናይ ተመዛበልቲ መዕቆቢ መዓስከር ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2014 ብናይ ኩናት ድሮን ደብዳብ ምፍፃሙ ልዕሊ 60 ሰላማዊ ሰባት ብዙሓት ህፃናት ዝርከብዎም ብምቅታሎም ናይ ኩናት ገበን ምፍፃሙ አብዚ ሪፖርት ኣእማኒ ምክንያታት ኣሎ ኢልና ንኣምን። እዚ ኮምሽን ብተወሳኺ ካብ ወርሒ ሰነ 2014 ጀሚሩ ልዕሊ ሓምሳ ደብዳብ ኣየር ከምተኻየድን እዚ ኮምሽን ኣረጋጊጹ ኣሎ ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባትን ወይ ኣብ ንብረትን ጉድኣት ብምስዓቡ ከምኡ’ውን ተወሳኺ ምርመራ ከምዝጠልብ ውን ይሕብር።

አባል ናይዚ ኮምሽን ዝኾነ ስቲቭ ራትነር ‘’ካብ ዝሓለፈ ዓመት ወተሃደራዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ደብዳብ ንምግባር ድሮናት አጣቃቅማ ብምውሳኹ ናይቲ ኩናት መልክዕ ቀይርዎ ይርከብ ይብል ። ብክልሰ ሓሳብ ደረጃ ከምዝፍለጥ ድሮን ወታደራዊ ዒላማኡ ብንጹር ፈልዩ ክወቅዕ ዝኽእል መሳርሕ እዩ። ኾይኑ ግና ምርመራና ከምዘመላኽቶ ግን ናይ ድሮን አጠቃቅመኦም ሰላማውያን ሰባት ናብ ሓዱሽን ዝለዓለ ሰግኣት ኣሰጢሒዎም ይርከቡ። ዝረኽብናዮ ውጺኢታት በፍላይ ካብ ዝወጹ ጽብጸባት ዘመላኽተዎ ነገር እንተሃለወ ካብ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሩ ዝተፈጸሙ ናይ ኣየር መጥቃዕትታት ሰላማዊ ሰባትን ህጻናትን ብምቅታሎም ብጣዕሚ ዘተሓሳስብ ኩነታት ከም ዘሎ የርእይ”።

ናይ ትግራይ ሓይልታት ውን ካብ ወርሒ ነሓሰን መስከረምን 2014 ኣብ ዘሎ ግዘ አብ ቆቦን ጨናን ናይ ሰብአዊ መሰል ጥሕሰት፣ ብጅምላ ብሔረ አምሐራ ቅትለትን፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ፆታዊ ትንኮሳ፣ ናይ ንብረት ስርቂን ምዕናውን ናይ ኩናት ገበን ብምክያዶም ዘእምኑ ምኽንያት ከምዘለው ይኣምን።

‘’እዚ ኮምሽን’ውን ካልእ ብዙሓት መባእታዊ ምርመራታት ብዛዕባ አብ ትግራይ ዝተፈጸሙ ዓበይቲ ቅትለታት ዝምልከት አካይዱ እዩ። እዚ ንምዝዛም ድማ ተወሳኺ ምርመራታት የድሊ እዩ።

ዓበይቲ ቅትለታት ኣብ ኣምሓራን ትግራይ ጥራሕ ተሓጺሮም ዝተረፉ ኣይኮኑን ኣብ ኦሮምያ ከምኡ’ውን ኣብ ካልኦት ክፋላት እታ ሃገር ዘጋጥሙ ዘለው ተመሳሰልቲ ፍጻመታት የተሓሳስበና እዩ። ከበድቲ ዓመጻት ከም ንቡር ምርኣይ ኣዚዩ ይርብሽ ’’። ክብሉ አይተ ራትነር ይውስኽ።

ካልእ እዚ ኮምሽን ዝረኸቦ ጉዳይ ፆታዊ ግህሰትን ከምኡ'ውን ገበን ፆታዊ ዓመፅን እቲ ኩናት ካብ ዝጅመር ንዳሓር ኣዚዩ ብዘደንግጽ መጠን ከም ዝተፈጸመን ኣብ ደቂ-ኣንስትን ኣዋልድን ትግራይ ብናይ ኢትዩጵያትን ኤርትራን ወታደራት ከምኡ'ውን ብናይ ክልል ምልሻታት ብጭካነን ብዘስካክሕ መንገዲ ተዓሚጸን እየን። ሓድ ሓድ ግዜ እዘም ፈፀምቲ ገበን ውን ኢሰብኣዊ ቃላት ይጥቀሙ ነይሮም።

ናይዚ ኮምሺን አባል ራዲሂካ ኮሞራስዋመይ ከምዝበለቶ'' ሰሜናዊ ኢትዩጵያ ዘለው ናይ ጾታዊ ዓመጽ ውጻዕ መዓት ዝኾኑ አብ ልዕሊኦም ዘሰንበዱ ገበናት እዮም ተፈፂሞም ፣ ኮይኑ ግና ናትና ፍርሒ ሕጂውን እዚ ዝተገብረ ምርመራ ዳርጋ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ከይከውን ንስከፍ ።

'' ኣብቲ ኩናት እዋን ግፍዕታት ዓመፅን ግህሰተን ሱቅ ኢሉ ብዘይምኽንያት ኣይተፈጸምን እካ ድኣ'ስ ኣብ ብሄርን፥ ናይ ጽልኢት ዘረባ ከምኡ'ውን ጎነጻዊ ኩነት መሰረት ዝገበሩ እዮም። ከምዚኦም ዝበሉ ኣመለኻኽታታት ሱቅ ኢሎም ከይትፈልጡ ኣይኮኑን ኣብዚ ደረጃ በጺሖም እካ ደኣ'ስ ብወግዒ ብናይ መንግስቲ ሰብ ሰልጣናትን ከምኡ'ውን ብመራኸቢ ሓፋሽ ብዕቱብ ጎስጋስ እንዳተገበረሎም ጸኒሖም እዮም"። ብምባል ትውስኽ ወይዘሮ ኮማራስዋመይ ።

''ሓይልታት ትግራይ ንግዳያት ውጻዕ መዓት ኣምሓሩን ኤርትራውያን ከጥቅዕወን ዝገበሮም ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትን ኣዋልደን ትግራይ ዝተፈጸመ ጾታዊ ዓመጽ ሕነ ምፋዳይ ይገብርዎ ከምዘለው ተዘሪቦመን፥ እዚ ድማ እንታይ የርእየካ ዘይተኣደነ ዓመጻትን ጽልኢትን ከምዘሎን እዚ ድማ ናብ ክፍፍልን ከምኡ'ውን ናብ ናይ ግህሰት ዑደት ዝወስድ እዩ "። ትብል

ኩሎም ኣካላት ናይዚ ኩናት ተሳተፍቲ ግዚያዊ ዝኾነ ናይ ተጻብኦ ጠጠው ምባል አብ ወርሒ መጋቢት 2014 ተሰማሚያም ነይሮም። ኮይኑ ግና እቲ ኩናት ዝሓለፈ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ ከምብሓድሽ ተወሊዑ ይርከብ እዚ ድማ እቲ ኩናት ክሕደስን ከምኡ 'ውን ናብቲ ክልል ዝኣቱ ዝነበረ ሰብአዊ ሓገዝ ንክቃረጽ ገይርዎ ይርከብ። እቶም ሕጂ ኣቀዲሞም ዝረኣዩ ዘለው ሓበርቲ ምልክታት ከምኡ'ውን ግህሰተን ገብናትን ከለዓዕሉ ዝኽእሉ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ኮምሽን ህጹጽ ዓለም-ለኻዊ ስጉምቲ ይጠልብ።

''ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ከምበሓዱሽ ዝካየድ ዘሎ ኩይናት ንተወሳኺ ሰለማዊ ሰባት ሓሰረ መከራን ስቃይ ከምኡ'ውን ተወሳኺ ግፍዓዊ ገበናት ምክንያት ናይ ምኻን ልዑል ተኽሎ ከምዘሎ የስግእ'። ትብል ወይዘሮ ሙሩንጊ '' ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ዓይኑ ክዕምት የብሉን ። የግዳሰ ተጻብኦ ጠጠው ክብልን ናይ ሰብአዊ ሓገዝን መሰረታዊ ግልጋሎታት ናብ ዝነበሮ ክምለስን ኣብ ምውሓስ ፃዕሪ ክገብሩ ይግባእ። እንተዳአ እዚ ተዘይተገይሩ ግን ውፂኢቱ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝኸፈአ ክኸውን። ነቲ ዞባ ሰላምን ምርግጋእን ውን ዓብይ ትርጉም እዩ ዘለዎ።''

እዚ ሪፖርት ንኩሎም ተሳተፍቲ እዚ ኩናት ብህፁፅ ተጸብኦ ጠጠው ከብሉን ሰለማዊ ሰባት ኣብ ምሕላው ስጉምቲ ከወስዱን ገበነኛታት ናብ ፍርዲ ንክቅርቡ ብምፅዋዕ የጠቃልል።

<u>ተፈጸመ።</u>

**ምሉእ ጸብጻብን** መተሓሓዝያቱን ኣብ መርበብ ሓበሬታ **ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ** ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዝያዳ ሓበሬታን **ሕቶታት ሚድያን፡** በጃኹም ተወከሱ፡ ሮላንዶ ጎሜዝ፡ ሓላፊ ሚድያ ሕርጭ፡
ብ **rolando.gomez@un.org** ፡ +41 (0) 22 917 9711ቶድ ፒትማን፡ ኣማኻሪ ሚድያ፡
ብ **todd.pitman@un.org**፡ ማቲው ብራውን፡ ሓላፊ ህዝባዊ ሓበሬታ ሕርጭ፡
**matthew.brown@un.org**, ወይ ፓስካል ሲም፡ ሓላፊ ህዝባዊ ሓበሬታ ሕርጭ፡ ብ**simp@un.org**
+41 (0) 22 917 9763

ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተኸታተሉ፡ **ፌስቡክ** |::::: **ትዊተር** | **ዩቱብ | ኢንስታግራም**